Kanton Bern
Canton de Berne

hallo–bern.ch
salut–berne.ch

# መጻምድቲን ውላድን


መጻምድቲ
መሰልን ግዴታን(ግቡኣትን) ወለዲ
ወለዲ ምዃን
ክንክን(ምእላይ) ቆልዑ
ጥርናፈ ስድራ (እንደገና ምርኻብ ስድራ ቤት)
ግጭት / ዘይምርድዳእ

# መጻምድቲ

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝተፈላለየ ዓይነት ብሓባር ምንባር ቅቡል እዩ። ንኽትምርዖ እንተ ወሓደ ወዲ 18 ዓመት ክትከውን ኣለካ። ሰብ ሓዳር ብሕጊ ማዕረ እዮም።

## ብሓባር ምንባር

ኣብ ስዊዘርላንድ ብሓባር ምንባር ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ዓመታት ብዙሕ ተለዊጡ እዩ። ሰብ ሓዳር መብዛሕትኡ ግዜ ኽይተመርዓዉ ብሓባር ይነብሩ እዮም (Konkubinat)፡ ናይ ሓባር ውሉዳት(ደቂ) ይህልዎም። ኣብ መንጎ መጻምድቲ (ሰብኣይ/ሰበይቲ) እተወሰነ ግደ (ሓላፍነት) የልቦን። ምስ ሓደ ዓይነት ጾታ ዘለዎ ምጽማድ እውን ቅቡልን ብሕጋዊ መገዲ ተፈላጥነት ረኺቡን እዩ።

## ሓዳርን (መርዓን) / ምጽማድ ምስ ሓደ ዓይነት ጾታ ዘለዎም

ኣብ ስዊዘርላንድ ንኽትምርዖ ወዲ 18 ዓመት ክትከውን ኣሎካ ። ዝኾነ ክምርዖ ዝደሊ ሰብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ(ከተማ) ዝርከብ ሲቪላዊ ቤት ጽሕፈት ክምዝገብን ጉዳዩ ከቕርብን ኣለዎ። ድሕርዚ ሲቭላዊ ቤት ጽሕፈት ናይ መርዓ ምድላው መስርሕ የካይድ። ኣብዚ መስርሕ እቶም መጻምድቲ ንኽምርዓዉ ዘለዎም ክእለት ይምርመር። እቲ ምድላው (ምቅርራብ) ምስ ተዛዘመ እቲ መርዓ ኣብ ውሽጢ 3 ወርሒ ክግበር/ክካየድ ኣለዎ። ወኪል በዓል መዚ ሲቪላዊ ቤት ጽሕፈት ብዛዕባ ኣሰራርሓኡን ብዛዕባ እቲ ዘድሊ ሰነዳትን ዝርዝር ሓበሬታ ይህብ። ተመሳሳሊ ጾታ ዘለዎም መጻምድቲ ክሳብ 30 ሰነ 2022 ሽርክነቶም ክምዝግቡ ይኽእሉ እዮም፡ እዚ ድማ ምስ ናይ ሓዳር ዝመሳሰል መሰላትን ግዴታታትን ዘጠቓልል እዩ። ካብ 1 ሓምለ 2022 ጀሚሩ ተመሳሳሊ ጾታ ዘለዎም መጻምድቲ እውን ክምርዓዉ ይኽእሉ። ሓደ ጾታ ዘለዎም መጻምድቲ ነቲ ከም ናይ መርዓ ዝኣመሰለ ተመሳሳሊ መሰላትን ግዴታታትን ዘጠቓልል ምጽማዶም ከመዝግቡ ይኽእሉ እዮም።

## መሰላትን ግዴታትን(ግቡኣትን)

ብሕጊ መሰረት ሰብ ሓዳር ሓደ መሰላትን ግዴታን(ግቡእን) ኣለዎም፡ ኣብ ሓዳር ከኣ ማዕረ መሰላት ኣለዎም። ክልቲኦም መጻምድቲ ብናይ ገዛእ ርእሶም ድልየት ክምርዓዉ ኣለዎም። ሰበ ስልጣን ሓደ ሰብ ንኽምርዖ ከም እተገደደ እንተ ፈሊጦም (Zwangsheirat|Mariage forcé) እቲ ሓዳር ዘይግቡእ(ዘይቅቡል) ምዃኑ ክእውጁን ነቶም ኣገዲዶሞም ዝነበሩ ሰባት ክኸስዎምን ይኽእሉ እዮም። ዝኾነ ክምርዖ ወይ ሓዳሩ ክቕጽል እተገደደ ኮይኑ ዝስምዖ ሰብ ሓገዝ ክሓትት ኣለዎ። ምስ ማእከል ምኽሪ ደገፍ ግዳያት ወይ ምስ ኣገዲድካ ዝግበር መውስቦ (0800 800 007) ክትራኸብ ሓገዝ ክትሓት ትኽእል ኢኻ።

## ውጥን ስድራቤት

ብዛዕባ ውጥን ስድራቤት፡ ጥንሲ፡ ከምኡውን ጾታዊ ርክብ ዝምልከት ሕቶታት ኣብ ካንቶን በርን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ፍሉይ ምኽሪ ዝወሃበሉ ማእከላት ኣሎ። እተን ማእከላት ብዛዕባ ከም መከላኸሊ ጥንሲ፡ ጾታዊ ጸገማት፡ ዘይተደልየ ጥንሲ ወይ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ዝኣመሰለ ጉዳያት ብስቱርን ናጻን ሓበሬታ ይህባ እየን። ነቶም ገና ዘይወለዱን ዝወለዱን(ስድራ ቆልዑ) እውን ይመኽሩ እዮም።

## ፍትሕ/ ምፍልላይ

ፍትሕ (Scheidung | divorce) ብሓባር ብኽልቲኦም ሰብ ሓዳር ወይ ከኣ ብሓደ መጻምድቲ ጥራይ ክሕተት ይኽእል እዩ። ኣብያተ ፍርዲ ከባቢ ስልጣን ኣለዎ። ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝተፈጸመ ሓዳር እውን ብመሰረት ሕጊ ስዊዘርላንድ ክፋታሕ ይኽእል እዩ። ነዚ ንምግባር ሓደ ሰብ ኣብ ስዊዘርላንድ ማእከል ህይወት ክህልዎን እንተ ወሓደ ንሓደ ዓመት ኣብዚ ክነብርን ኣለዎ። ፍትሕ ኣብ መንበሪ ፍቓድ ወይ ኣብ ቀጻሊ መስርሕ ዜጋ ምዃን ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ድሕሪ ፍትሕ ወጻእተኛታት ኣብ ስዊዘርላንድ ክጸንሑ ዝኽእሉ እንተ ኮይኖም ወይ እንተ ዘይኮይኖም ኣብ ዝተፈላለየ ረቛሒታት ይምርኮስ። ንግዳያት ዘቤታዊ ዓመጽ ዝኸውኑ ፍሉይ ሕግታት ይወጽኣሎም እዩ። ብዛዕባ ፍትሕ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ምስ ማእከል ምኽሪ ሓዳርን ስድራ ቤትን ወይ ምስ ማእከል ኣማኸርቲ ሕጊ ኽትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/partnership-and-children/partnership

# መሰልን ግዴታን(ግቡኣትን) ወለዲ

ውሉድ ዘለዎ ዝኾነ(ዝወለደ) ሰብ ብኡንብኡ ናብ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ሲቪል (ስቪልስታንድ ኣምት)ጸብጻብ ክህብ ኣለዎ። ሰብ ሓዳር(ምርዕዋት) ብኡንብኡ (ቀጥታ) ናይ ምዕባይ ሓላፍነት እኳ እንተ ኣለዎም ዘይተመርዓዉ ሰብ ሓዳር ግን ባዕሎም ክሓስብሉ (ክከታተልዎ) ኣለዎም።

## ብዛዕባ ውልደት(ልደት) ምምዝጋብ

ውልደት ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ኣብ ከባብያዊ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ሲቪል (ስቪልስታንድ ኣምት) ክምዝገብ ኣለዎ።
መዘኻኸሪ፡ ኣየናይ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ሲቪል ብሓላፍነት ይሕተተሉ ኣብቲ ዝተወልደሉ ቦታ ደኣ እምበር ኣብ መንበሪ ምምሕዳር ከባቢ ወለዲ ኣይኰነን ዝምርኰስ። እቲ ሕጻን ኣብ ሆስፒታል እንተ ተወሊዱ እቲ ሆስፒታል መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ሰነዳት ናብቲ ሓላፍነት ዘለዎ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ሲቪል ይልእኾ። እቲ ሕርሲ ኣብ ሆስፒታል እንተ ዘይተፈጺሙ/ዘይተካይዱ (ግንከኣ ንኣብነት ኣብ ቤት) ግድን ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ እቲ ሕርሲ ባዕልኹም ክተመልክቱ ኣለኩም። እቲ ሓላፍነት ዘለዎ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ሲቪል ኣየናይ ሰነዳት ከም ዘድሊ ይሕብር። ኣብ ስዊዘርላንድ እተወልዱ ቆልዑ ዜግነት ስዊዘርላንድ ብኡንብኡ ኣይረኽቡን እዮም።

## ኣፍልጦ ናይ ኣቦ ( ኣቦነት)

ሰብ ሓዳር(ሕጋውያን) ውሉድ ምስ ዝወልዱ እቲ ሰብኣይ ብኡ ንብኡ ከም ኣቦ ይምዝገብ። እቲ ሰብኣይ ኣቦ ምዃኑ እንተ ተጠራጢሩ ኣብ ቤት ፍርዲ ንኣቦነቱ ክቃወሞ ይኽእል እዩ ። እቶም ወለዲ ዘይተመርዓዉ(ብሕጊ) እንተ ኮይኖም ኣቦ እቲ ቆልዓ ብኡ ንብኡ ከም ኣቦ ኣይምዝገብን እዩ። እቲ ቆልዓ ቅድሚ ምውላዱ ወይ ድሕሪ ምውላዱ ኣብቲ ዝቕመጠሉ ከተማ (ምምሕዳር ከባቢ) ሓላፍነት ዘለዎ ከባብያዊ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ሲቪል ናይ ኣቦነት ኣፍልጦ ክገብር ይኽእል እዩ (Kindesanerkennung | Reconnaissance d'enfant)። እቲ ኣቦ ንውሉዱ ኣፍልጦ ምሃብ እንተ ኣብዩ እታ ኣደ ኣብ ቤት ፍርዲ ተፈላጥነት(ናይ ኣቦነት) ክትሓትት ትኽእል እያ።

## ናይ ወለዲ ምእላይ / ምክንኻን ሓላፍነት

ወለዲ ንደቆም ናይ ምክንኻን መሰልን ግዴታን(ግቡኣትን) ኣለዎም (elterliche Sorge|Autorité parentale)። እዚ ኸኣ ንኣብነት ትምህርቲ(ኣተዓባብያ) ወይ ቍጠባዊ ምክንኻን የጠቓልል። ወለዲ ንደቆም ክሳዕ 18 ዓመት ዝመልኡ ብሕጋዊ መገዲ እዮም ዝውክሉ። እቶም ወለዲ እንተ ተመርዕዮም ብኡንብኡ ነቲ ቆልዓ ሓደ መሰላትን ግዴታን(ግቡኣትን) ይወሃቦም። ዘይተመርዓዉ(ሕጋዊ) እንተ ኮይኖም ፈለማ እቲ ኣቦ ነቲ ቆልዓ ኣፍልጦ ክህበሉ ኣለዎ። ድሕሪኡ ወለዲ ብሓባር ብዛዕባ ዝግበር ክንክን(ምእላይ) ወለዲ ዝገልጽ ብጽሑፍ ዝሰፈረ መግለጺ ብወለንታ(ብፍታው) ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም (gemeinsame elterliche Sorge|Autorité parentale conjointe)። እዚ ኸኣ ምስቲ ኣፍልጦ ምሃብ እቲ ቆልዓ ኣብ ከባብያዊ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ሲቪል ወይ ጸኒሑ ኣብቲ ኣብ ሲቭላዊ ቤት ፍርዲ ናይቲ ኣውራጃ(ዞባ) ዝርከብ ትካል ዑቑባ(ተጣባቒ) ሕጻናትን ኣባጽሕን (Erwachsenenschutzbehörde (KESB | APEA) ክግበር ይከኣል እዩ። እቶም ዘይተመርዓዉ ወለዲ ብዛዕባ ክንክን(ኣተዓባብያ) ቆልዑ ዘይሰማምዑ እንተ ኮይኖም እቲ ናይ ሕጻናትን ኣባጽሕን ተጣባቒ በዓል ስልጣን ይውስን። ገለ ሕቶታት እንተለኩም ወይ ደገፍ ዘድልየኩም እንተ ኾይኑ ብኽብረትኩም ምስ ሓደ ካብቲ ሓላፍነት ዘለዎ ትምህርታዊ ምኽሪ ዝህብ ማእከላት ወይ ምስቶም ምኽሪ ሓዳርን ስድራ ቤትን ዝህቡ ትካላት ተራኸቡ ።

## ደገፍ መነባብሮ

ወለዲ እንተ ተፈላልዮም ክልቲኦም ነቲ ውሉዶም ክከናኸንዎ ይግደዱ እዮም (Unterhalt, Unterhalt|Entretien)። ስለዚ ንቁጠባዊ ደገፍ እቲ ቆልዓን ንክንክኑን(ምእላይን) ብሓባር ከመሓድርዎ(ከዳልውዎ) ኣለዎም። እቲ ክፍሊት ደገፍ ኣብ መንጎ ኣቦን ኣደን እዩ ዝኽፈል(ዝምቀል)። ሓደ ወላዲ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ክኸፍል ከም ዘለዎ ወይ ን ከይከፍል ኣብ ቍጠባዊ ክነታትን ኣብ ክንክን(ምእላይ) ውሉዳቶምን ዘለዎም ግደ እዩ ዝምርኰስ። ሓደ ስምምዕ ክብጻሕ እንተ ዘይክኢሉ ናብ ቤት ፍርዲ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ሕጋዊ ምፍልላይ ወይ ፍትሕ እንተ ኣጋጢሙ ናይ ደገፍ ውጽኢት ንቆልዑ ብቤት ፍርዲ እዩ ዝድቅስ። እቲ ዝኽፍል መጻምድቲ ገንዘብ እንተ ዘይከፊሉ ኣብቲ ትነብርሉ ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም (Inkassohilfe|aide au recouvrement)። እቲ ምምሕዳር ከተማ ነቲ ገንዘብ ንኽትወስድዎ ክሕግዘኩም እዩ፡ ወይ ከኣ መሰል እንተ ኣልዩኩም ነቲ ናይ ደገፍ ውጽኢት ክተዛይዶዎ ክሕግዘኩም እዩ። (Alimentenbevorschussung|Avance des contributions d'entretien)።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/partnership-and-children/parents-rights-and-duties

# ወለዲ ምኳን

ውሉድ(ቆልዓ) ምዕባይ በዳሂ እዩ ። ብዙሓት ወለዲ ሓሓሊፎም ንውሉዶም እንታይ ከም ዝጠቅሞም ንገዛእ ርእሶም ይሓቱ እዮም። ምስ ካልኦት ወለዲ ምዝርራብ(ሓሳብ ምልውዋጥ) ኣዝዩ ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚውን ክሕግዛ ዝኽእላ ዝተፈላለየ ማእከላት ምኽሪ ኣለዋ።

## መራኸቢ ቦታታት

ወለዲ ምስ ካልኦት ወለዲ ሓሳብ ዝለዋወጥሉን፡ ወይ ምስ ውሉዶም ኣብ ዝግበር ንጥፈታት ክካፈሉ ዝደልዩ ንኣቦታትን ኣዴታትን ዝኸውን ቀረባት ኣሎ። ገለ ቀረባት ብፍሉይ ስዊዘርላንዳውያንን ወጻእተኛታትን ወለዲ ምእንቲ ክራኸቡ ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ።
ንናኣሽቱ ቆልዑ ብዙሕ ቀረባት ኣሎ፡ ወለዲ'ውን ኣው ኡ ንሓድሕዶም ክራኸቡ ይኽእሉ እዮም። ናይ ወለዲን ውልዶምን ምውስዋስ ኣካልት(ቱርነን) ("MuKi-/VaKi-/ElKi-Turnen") ንወለዲ ምስ ንኣሽቱ ደቆም ክጻወቱ ክዘናግዑ ከምኡውን ምውስዋስ ኣካላት ክገብሩ ኣጋጣሚ ይኸፍተሎም እዩ። ምውስዋስ ኣካልት(ቱርነን) ኣብ መብዛሕትኡ ምምሕዳራት ከተማ/ከባቢ ይቐርብ እዩ።
ኣብ ማእከላት ስድራቤት ንወለድን ንደቆምን ዝኸውን ዝተፈላለየ ፍጻመታት ይካየድ እዩ። ኣብቲ ናይ ኣደን ኣቦን ምኽሪ ብናጻ እትረኽቡሉ ቦታታት ምስ ካልኦት ወለዲ ኽትራኸቡ ንምርኻብ ከምኡውን ነቲ ኽፍልታት ጡብ ንምጥባቕ ንምምዝዛን ንምንባብ ከምኡውን ንምጽዋት ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብያተ መጻሕፍቲ ንነኣሽቱን ዓበይቲ ቆልዑን ንወለዶምን ቀረባት(ኣገልግሎት) ይህብ እዩ።
ብዛዕባ ኣብቲ ከባቢ ዝቐርብ ዝተፈላለየ ቀረባት ነቶም ተቐማጦ እቲ ምምሕዳር ምሕታት ጠቓሚ እዩ ።

## ትምህርቲ (ስልጠና) ንወለዲ

ኣብ ካንቶን በርን ወለዲ ብዛዕባ ዝተፈላለየ ጉዳያት ኣብ ዝወሃብ ትምህርቲ ክካፈሉ ይኽእሉ እዮም። ንስደተኛታት ዘድልዮም ነገራት ዘማልእ ኮርሳት እውን ኣሎ። ንኣብነት ንስርዓተ ትምህርቲ ስዊዘርላንድ ዝምልከት ኮርሳት ኣሎ። ገሊኡ ኮርሳት ብቛንቛ ወጻኢ(ቛንቛ ኣደ) እውን ይወሃብ እዩ። ብዛዕባ እቲ ቀረብ (ኣገልግሎት) ኣብ ናይ ካንቶን ስድራቤት ፖርታልን ከምኡውን ኣብ ኣብያተ ትምህርትን ኣብ ምምሕዳር ከባቢኹምን ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ኣብቲ ናይ ኣደን ኣቦን ምኽሪ ብናጻ እትህብዎ ናይ ጉጅለ ምኽሪ ብዛዕባ እዚ ሕጂ ዘሎ ጉዳያት ስድራቤት ሓሳባት ክትለዋወጡ ካብ ሰብ ሞያ ጠቓሚ ርእይቶታት ክትቅበሉ ከምኡውን ኣብ ከባቢኹም ሓድሽ ርክብ ክትምስርቱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ኣተዓባብያ (ትምህርታዊ) ምኽሪ

ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቆልዑ ገለ ሕቶታት እንተ ሃልይኩም ምስ ዝተፈላለያ ማእከላት ምኽሪ ኽትራኽቡ(ክትውከሱ) ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ናይ ትምህርቲ(ኣተዓባብያ) ትካላት(ማእከላት) ምኽሪ ኣለዋ። ኣብ ክንዲ እቲ ካንቶን ከኣ ን ቆልዑ ዘለዉዎም ስድራ ቤታት ብናጻ ምኽሪ ይህባ። ብተወሳኺ ናይ ኣዴታትን ኣቦታትን ኣማኽርቲ (Mütter- und Väterberatung|Centre de puériculture) ኣብ ዝተፈላለየ ምምሕዳር ከባቢታት ሓገዝ ይህባ እየን። ከምኡውን ንክንክን ሕጻናት ዝምልከት ሕቶታት ይሕግዛ። ንህጹጽ ጻውዒት ወለዲ ዘማኽርኹም ክኢላታት ብተሌፎን ወይ ብኢ-መይል (ተሌፎን (ንቡር ታርፍ ዝኽፈሎ)፡ www.elternnotruf.ch)።

## ምኽሪ ኣደይን ኣቦይን

እታ ኣደን ኣቦይን ምኽሪ እትህብ መጽሓፍ ካብ 0 ኽሳዕ 5 ዓመት ንዝዕድሚኦም ቈልዑ ብዛዕባ ኣመጋግባን ክንክንን ዕቤትን ትምህርትን ብናጻ ምኽሪ ትህብ እያ። ምኽሪ ኣብ ማእከል ምኽሪ ብተሌፎን ወይ ብኢንተርነት ክትረክቡ ትኽእሉ ኢኩም። ናይ ቋንቋ ዕንቅፋታት እኳ እንተሎ ናባና ተራኸብ መፍትሒ ድማ ክንረክብ ኢና!
ሓበሬታ ብዛዕባ ኣገልግሎት ምኽሪ ኣዴታትን ኣቦታትን ብ16 ቋንቋታት
ሓበሬታን ምዝገባን፡- 031 552 16 16

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/partnership-and-children/being-a-parent

# ክንክን(ምእላይ) ቆልዑ

አቦታትን ኣዴታትን ድሕሪ ሕርሲ ናብ ስራሕ ምእንቲ ኽምለሱ ካንቶን በርን ቀረባት(ኣገልግሎት) መእለይ(ክንክን) ሕጻናት የተባብዕ እዩ። ዝተፈላለየ ቀረባት(ኣገልግሎታት) ኣሎ፡ ንኣብነት ከም ማእከላት መውዓሊ ህጻናት (ክንክን ቆልዑት)፡ መዓልቲ ወለዲ ወይ መዓልቲ ኣብያተ ትምህርቲ ዝኣመሰለ። መብዛሕትኦም ብክፍሊት እዮም፡ ይኹን እምበር እቶም ናይ መእለይ ካርድ/ወረቐት (Betreuungsgutscheine|bons de garde) ዘለዎም ዝወሓደ ገንዘብ ክኸፍሉ ኣለዎም።

## መውዓሊ ህጻናት (ቆልዑት)

ኣብ ማእከላት መውዓሊ ህጻናት (Kindertagesstätten|garderies) ቆልዑ ምሉእ መዓልቲ ይእለዩ። መብዛሕትኡ እዚ ቀረባት(ኣገልግሎታት) ነቶም ካብ 3 ወርሒ ክሳዕ ትምህርቲ ዝጅምርሉ ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዘተኮረ እዩ። ይኹን እምበር ገለ ማእከላት መውዓሊ ህጻናት ንተመሃሮ (ቅድሚን ድሕሪን ትምህርትን ኣብ ግዜ ምሳሕን) እውን ይኣልያ እየን። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ሊስታ መጸበይ መዝገብ ነዊሕ ስለ ዝኾነ ወለዲ ንውሉዶም ኣቐዲሞም ከመዝግብዎም ኣለዎም። እቲ ዝኽፈል ዋጋ ከከም ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ይፈላለ እዩ። ብዙሓት ምምሕዳራት ገለ ክፋል ናይቲ ክፍሊት ይኸፍልኦ እየን፡ ንወለዲ መእለይ ካርድ/ወረቐት ( Betreuungsgutscheine) ህያብ ይህብዎም። እዚ ኣድላዪ ምዃኑ ክረጋገጽ(ክምርመር) ኣለዎ። ማእከላት መውዓሊ ሕጻናት ወይ ምምሕዳር ከተማ/ከባቢ ብዛዕባ ኣማራጺታት ምዝገባን ወጻኢታቱን(ክፍሊት) ሓበሬታ ይህባ እየን።

## መጻወቲ ጕጅለታት ቆልዑት

ብዙሓት ቆልዑት ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሮም ኣብ ሓደ ጕጅለ መጻወቲ ቆልዑ ይካፈሉ እዮም (Spielgruppe|Groupe de jeu)። ኣብኡ ኸኣ ደቂ 3 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑት ብዘይ ወለዶም ምስ ክኢላ ኣላይት ብሓባር ይጻወቱ፡ ኢደ ጥበብ ይገብሩ፡ ከምኡውን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት ይነጥፉ። ኣብ ጕጅለ መጻወቲ ቆልዑት ምስታፍ ብወለንታ(ብፍታው) እዩ ዝግበር። ብፍላይ ነቶም ኣብ ቤቶም ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳይ ዘይዛረቡ ቆልዑት እቲ ጕጅለ መጻወቲ ምስ ቋንቋ ጀርመንን ፈረንሳይን ንኽራኸቡ(ክላመዱ) ጽቡቕ ኣጋጣሚ እዩ ዝኾነሎም። እዚ ኸኣ ትምህርቲ ብቐሊሉ ንኽጅምሩ ይገብሮም። ኣብ ሓያሎ ምምሕዳራት ከተማ(ከባቢ) ናይ መጻወቲ ጕጅለታት ቆልዑት ኣለዉ፡ እቲ ትነብርሉ ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ድማ ተወሳኺ ሓበሬታ ይህብ።

## ስሩዕ ቅርጺ(መደብ) መዓልቲ/ ናይ ምሳሕ ሰደቓ

ኣብ ገሊኡ ኣጋጣሚታት ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ኣገልግሎት ምእላይ ይህባ እየን። እዚ ኣብ ብዝሒ ኣመልከቲ (ተመዝገብቲ) እዩ ዝምርኮስ። ኣብተን ስሩዕ ቅርጺ(መደብ) መዓልቲ (Tagesstruktur|Accueil parascolaire) ዘለወን ኣብያተ ትምህርቲ ንኣብነት ተማሃሮ ኣብ እዋን ምሳሕ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም። ምሳሕ ይወሃቦም። ድሕሪ ትምህርቲ ዕዮ ገዛ ኣብኡ እንዳተኣለዩ ክዓዩ ይኽእሉ እዮም። ቅድሚ ትምህርቲ ክበልዑ ክጻወቱ ወይ ከንብቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኣገልግሎት ብወለዲ ክኽፈል ኣለዎ። እቲ ክፍሊት(ታሪፍ) መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኣታዊታት ወለዲ እዩ ዝምርኰስ። ቆልዑት ካብቲ ኣገልግሎታት ኣብ ሓንቲ ወይ ካብኡ ንላዕሊ መዓልቲ ክጥቀሙ ይኽእሉ።

## ቆልዓ ተሓዝቲ (ዝኣልያ) ስድራቤታት

ቆልዓ ተሓዝቲ(ኣለይቲ) ስድራቤታት ኣብ እተወሰነ ናይ መዓልቲ እዋናት(መብዛሕትኡ ግዜ ምሉእ መዓልቲ) ቆልዑ ዝሕዛ(ዝኣልያ) ስድራቤታት እየን። እዚ ኣማራጺ መእለይ ቆልዑት በቶም ዝሰርሑ ወለዲ ፍትው(ፍሉጥ) እዩ። ምቹእ (ዝሰማምዓኩም) ናይ ቆልዓ ተሓዝቲ(ኣለይቲ)ስድራቤታት ንምርካብን እቲ ንቡር(ልሙድ) ታሪፍ/ክፍሊት ንምሕባርን ዝሕግዛ ኣብያተ ጽሕፈት ኣለዋ።

## ኣለይቲ (ሓለውቲ) ሕጻናት / ኣብ ህጹጽ ኩነታት

ኣብ ስዊዘርላንድ መንእሰያት መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ምሸት ወይ ቀዳመ ሰናብቲ ኣላይቲ(ተሓዝቲ) ሕጻናት ኮይኖም ይሰርሑ እዮም። ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ቀይሕ መስቀል (SRK|CRS) በርን ዝርዝር ኣብያተ ጽሕፈት እቶም ኣብ ኮርስ ዝተሳተፉ ኣለይቲ ህጻናት ዝሕዘ እዩ። ንመንእሰያት ንኣገልግሎቶም ዝኽውን ገንዘብ ምኽፋል ልሙድ እዩ ። ኣብ ዘይተሓስበ ህጹጽ ኵነታት እቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ቀይሕ መስቀል (SRK|CRS) በርን'ውን ናይ ህጹጽ ምእላይ(ክንክን) ቆልዑ ኣገልግሎት ይህብ እዩ። ንኣብነት ሓደ ወላዲ ናብ ሆስፒታል ኪኸይድ እንተ ዀይኑ እሞ ነቲ ቈልዓ ኺከናኸኖ ዚኽእል ካልእ ሰብ እንተ ዘየልዩ ። ንኣብነት ሓደ ወላዲ ናብ ሆስፒታል ክኸይድ (ክኣቱ) እንተ ኾይኑ እሞ ነቲ ቆልዓ ክሕዞ ዝኽእል ካልእ ሰብ እንተዘየሎ። ነቲ ምእለይ(መትሓዚ )ዝኸውን ክፍሊት እኳ እንተሎ ገሊ ትካላት መድሕን ጥዕና(Krankenversicherungen) ግና ነቲ ወጻኢታት ይሸፍና እየን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/partnership-and-children/childcare

# ጥርናፈ ስድራ (እንደገና ምርኻብ ስድራ ቤት)

ኣባላት ስድራ ቤት ናይ ሓደ ኣብ ስዊስ ዝነብር ሰብ፡ ከከም ኩነታቱ ተራእዩ ናብ ስዊዝ ክመጽኡ(ክግዕዙ) ይኽእሉ እዮም። ኣዝማድ ወይ እትፈልጥዎም ሰባት(መቕርብ) ክበጽሕኹም እንተ ደልዮም ከከም መበቆል ዓዶም መብጽሒ ቪዛ ክወሃቦም ክመልክቱ(ክሓቱ) ኣለዎም።

## እንደገና ምርኻብ ስድራ ቤት/(ጥርናፈ ስድራ)

ብመሰረቱ ኣባላት ስድራ ቤት (ብቐጥታ ኣዝማድ ወይ ሰብ ሓዳር) ናይ ኣብ ስዊዝ ዝነብር ሰብ ናብ ስዊዘርላንድ ክግዕዙ ይኽእሉ እዮም (Familiennachzug, Familiennachzug|Regroupement familial)። ንመን ኣባላት ስድራ ቤት ክተመልክት ይከኣል ኣብ ዜግነትን መንበሪ እቲ ኣመልካቲ እዩ ዝምርኰስ። ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ (Ausweis F) ዘለዎም ሰባት እውን ኣብ እተወሰነ ኩነታት ስድርኦም ኣምጺኦም ምስ ስድራቤቶም ክሓብሩ(ክጥርነፉ) ይኽእሉ እዮም። ንስድራ ቤት እንደገና ንምርኻብ(ጥርናፈ ስድራ) ዘድሊ ቅድመ ኩነት ኣቐዲምካ ምስ ሓደ ክኢላ ምምይያጥ ኣገዳሲ ምዃኑ ትምሕጸን። ሓበሬታ ካብዘን ኣብያተ ጽሕፈት ይርከብ፡ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ብዝሒ ህዝቢ (ABEV|OPOP)፡ ምምሕዳር ከባቢ(መንበሪ ከተማ) ወይ ወከልቲ ቦታታት እንተግረሽን እየን። ንጥርናፈ ስድራ ዝምልከት ኣመልካቲ ሕትኡ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢምግሬሽን ከቕርብ ኣለዎ። ተቐማጦ ከተማታት በርን፡ ቢልን ቱንን ሕቶኹም ናብ ቤት ጽሕፈት ተቐማጦ ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ኣመልክቱ።
ኣስተውዕሉ፡ ጥርናፈ ስድራ ኣብ ውሽጢ እተወሰነ እዋን (መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 1 ክሳብ 5 ዓመት ድሕሪ ናብ ስዊዝ ምእታው) ክሕተት(ክፍጸም) ኣለዎ። እቲ ናይ ግዜ መቓን ንቆልዑ ካብ ንዓበይቲ (ንኣብነት መጻምድቲ) ይሓጽር።

## ምቅርራብ(ምድላው) ንመርዓ

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ካብ ወጻኢ ሃገር መጻምድቶም ክምርዓው ዝደልዩን ነቲ መርዓ ንኽዳለው(ክቀራረቡ) መእተዊ ፍቓድ( ቪዛ) ክወሃቦም ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ፍቓድ እዚ ንመጻምድቲ ቅድሚ መርዓኡ ናብ ስዊዘርላንድ ክጉዓዝን ኣብዚ ክምርዓዉን የኽእሎም።
ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ብዛዕባ'ቲ ሕቶ ኣመልካቲ ይውስን ንዕኡ ዘድሊ ሰነዳትን ልክዕ ኣሰራርሓን ድማ ሓበሬታ ይህብ ።

## መእተዊ/መምጽኢ ቪዛ ናብ ስዊዝ

ንተቐማጦ ብዙሓት ሃገራት(ዜጋታት ወጻኢ) ንኣዝማዶም ክበጽሕዎም ናብ ስዊዘርላንድ ቪዛ ክረኽቡ ቀሊል ኣይኮነን። ምናልባት ናይ ዕድመ ደብዳበን ወይ ናይ ገንዘብ ውሕስነትን (Verpflichtungserklärung|Déclaration de prise en charge) ካብቶም ኣብዚ ዝነብሩ ሰባት የድሊ ይኸውን። ወኪል ስዊዘርላንድ ኣብ ወጻኢ ሃገር ነዚ ጉዳይ ዝምልከት ውሳኔ ይህብ፡ ብዛዕባኡ ዘድሊ ሰነዳትን ልክዕ ኣሰራርሓን ድማ ሓበሬታ ይህብ። ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ብዝሒ ህዝቢ ካንቶንውን ይርከብ እዩ Bevölkerungsdienste (ABEV | OPOP)።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/partnership-and-children/family-reunification

# ግጭት / ዘይምርድዳእ

አብ መንጎ ተጻመድቲ ወይ ስድራቤት ግጭት እንተ ኣጋጢሙ ዝተፈላለያ ናይ ምኽሪ ማእከላት ክሕግዛ ይኽእላ። ኣብ ስድራ ቤታት ወይ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ዝፍጸም ዓመጽ ክልኩል እዩ ።

## ኣብ መንጎ መጻምድቲ ዘሎ ግጭታት

ኣብ መንጎ መጻምድቲ ግጭት እንተ ሃልዩ መጻምድቲ ካብ ሰብ ሞያ ሓገዝ ክደልዩ (ክሓቱ) ይኽእሉ እዮም (Eheberatung|consultation conjugale)። ፍሉያት ማእከላት ምኽሪ መፍትሒ ንክትረኽቡ ይሕግዝኹም እየን። ናይ መጀመርያ ዝርርብ ብነጻ ወይ ብርትዓዊ ዋጋ እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከባቢ ነዚ ሓላፍነት ዘለዎ ማእከል ምኽሪ ኣሎ ።

## ግጭት ወይ ዘምርድዳእ ኣብ ስድራ-ቤት

ውሉዳት ኣብ ዘለወን ስድራ ቤታት ሓድሓደ ግዜ ንወለድን ንውሉዳትን ዘጨንቕ ኣጸጋሚ ኩነታት ከጋጥም ይኽእል እዩ። ወለዲ እንታይ ክገብሩ ከምዝኽእሉ እንተ ዘይፈሊጦም ሓገዝ ክደልዩ( ክረኽቡ) ከም ዘለዎም ንምሕጸን። ኣብ ማእከላት ምኽሪ ስድራቤት (Familienberatungsstelle|service de consultation familiale) ብሕታዊ ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ወለዲ ሃንደበታዊ ጸውዒት ከቕርቡ ኽለዉ ክኢላታት ንወለዲ ብተሌፎን ወይ ብኢ-መይል ክመኽርኹም ይኽእሉ፡ ሕቶ ብዛዕባ ኣተዓባብያ ወይ ሻቕሎት ብዛዕባ ደቅኹም እንተለኩም (ተሌ 0848 35 45 55 ብ ንቡር ታርፍ ዝኽፈሎ)፡ (www.elternnotruf.ch)። ቆልዑትን መንእሰያትን ብተሌፎን፡ ብኢ-መይል፡ ብኤስ-ኤም-ኤስ (SMS) ወይ ብዕላል (ቻት) ኣብ ናይ ህጹጽ ጸውዒት ቆልዑት ክጥቀሙ ይኽእሉ (ተሌፎን 147 (ብዘይ ክፍሊት) www.147.ch)

## ዘቤታዊ ዓመጽ

ኣብ ስድራ ቤት ዝፍጸም ዓመጽ ወግዓዊ ገበን እዩ። ዓመጽ ዝጥቀም(ዝፍጽም) ዝኾነ ይኹን ሰብ እቲ ዓመጽ ክሳዕ ክንደይ ከቢድ ይኹን ብዘየገድስ ከኽሰስ ይኽእል እዩ። እቲ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ መጻምድቲ ይኹን ኣብ ልዕሊ ውሉዳት ዝወርድ(ዝፍጸም) ኣየገድስን እዩ። ሰበ ስልጣን ኣብ ስድራ ቤት ዓመጽ ከም ዘሎ እንተድኣ ሰሚዖም ባዕሎም ስጉምቲ ክወስዱ ኣለዎም። ንግዳያት ዓመጽ ዝኾኑ ሰባት ብናጻን ብስቱርን ደገፍ ዝህብ ኣገልግሎት ኣሎ። ኣብ ፍሉይ መንበሪ ህንጻታት (Frauenhaus / Väterhaus | Maison d'accueil) ኣንስቲ ወይ ሰብኡት ምስ ደቆም ኮይኖም ግዝያዊ ዕቑባ ክደልዩ(ክዕቆቡ) ይኽእሉ እዮም። ኣብተን ሰለስተ መዕቈቢ ደቂ ኣንስትዮ/Die drei Frauenhäuser (ከባቢ በርን፡ ቢል፡ ቱንን) ን 24 ሰዓታት ክትድውል ይከኣል እዩ (Hotline AppElle!: 031 533 03 03)። እቶም ኣማኸርቲ ኣብ ህጹጽ ኩነታት ስቱርን ናጻን ምኽሪ ብምሃብ ይሕግዙ እዮም ። ዑቑባን መዕቈብን(መጽለልን) የዳልዉ። ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ናይ ህጹጽ ጻዊዒት ኩነታት ቈልዑ (ተሌፎን 147 (ብናጻ) www. 147.ch) ክራኸቡ ይኽእሉ እዮም። ብኣባል ስድራ ቤቱ ዘስግኦ ኮይኑ ዝስምዖ ዝኾነ ይኹን ሰብ ናብ ፖሊስ ክድውል ኣለዎ (ተሌፎን117)። ፖሊስ ንሓደ ዓመጽ ዝጥቀም ወይ ዘፈራርህ ሰብ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ካብ ኣፓርታማ ወይ ቤት ከውጽኦ ይኽእል እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/partnership-and-children/conflicts